# ኣውያት ከዳዓትን ዑስባትን ወያነ

ንሕና ኣብ ካርቱም እንነብር ህዝቢ ኤርትራ በዚ ብሃሶሳት ጉጀለታት "ተቋወምቲ ውድባት" ኢና በሃልቲ ንስርዓት ወያነ ንምድሓን፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት ንምዕንቃፍ፡ ንዝሰላሰል ዘሎ ሃገራዊ ህንጻት ንምክላፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተወሰነ ዘይፍትሓዊ እገዳ ከም ንሓለፍቲ ህግደፍ ጥራይ ዝምልከት ገርካ ዝቀረበ ጽሑፍ ተዘርጊሑ ኣሎ።እዚ ሃገራዊ ዓቅሚ ኤርትራዊያን ዘዳክም ካብ ቃልሲ ባህሪ ኤርትራዊያ ዘርሕቅ ስለ ዝኮነ ብትሪ እና ንቃወሞ ኣብቲ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ተታሓሒዝዎ ዘሎ መከተ ንእገዳ፡ ንወያነን፡ ንሃሶታትን ክንሳተፍ ከም ዘለና ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ካርቱም ይጽውዕ፡፡

እዚ በዘን ዕሱባት ጉጅለታት ዝወጸ ኣዋጅ ከም ዘመልክቶን እቲ መንበሪ ፍቃድ ክትስእንዎ ኢኹም ኢልካ ምፍርራህን ምግቡዕባዕን ግን "ሑኑቕ እንታይ ተውጽእ ዓፍራ" ከም ዝባሃል እታ ናይ መጨረሽታ ክትፍቱኑላ እትደልዩ ነጥቢ ድኣ መሲሉኩም እምበር ብስምምዕ ዩኤን ከምኡውን ብመንግስቲ ሱዳን ዝተዋህበ መንበሪ ፍቃድ'ስ ኣየናይ ዓቅሚ ሃሊኩም ኢኹም ክትሕዱጉና እትክሉ፡፡ ኩላህነ ከምእንፈልጦ ንደገ ክንሰደኩም ብዝብል መብጸዓ ኣብዘን ዝሓለፉ 9 ዓመታት ኣብ ዩኤን ካብ ዝተመዝገብና ኣሽሓት ህዝቢ  ክንደይ ንደገ ከይዶም ፡ ካብ ሽሕ   ዓሰርተ፡

ኣብ ሱዳን ዘሎና ኤርትራዊያን ብጽቡቅ ንነብር ዘሎና ብዘሎ ጽቡቅ ዝምድና ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት ደኣምበር መንግስቲ ኤርትራ ስለዘካፋእና ኣይኮነን። ንምኳኑ መን ከም ምኳንኩምን ዓቅሙኩም ትፈልጡ'ዶ፡፡

ብዝኮነ ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን ብናህኩም ምፍርራህ ይትረፍ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኩን ኣብዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ናይ ልምዓት ምረሻ ብሓይላት ሃገራት ዉን ተሰናቢድና ንድሕሪት ዝተመለስናሉ ታሪክ ስለ ዘየሎ ንሕና ተቀማጦ ሱዳን ኤርትራዊያን ንድሕሪት ንብለሉ የለን። ስለዚ ንሕና ኣብ ካርቱም እንነብር ኤርትራዊያን በዞም ሃሱሳትን መጋበርን ወያነ ዝኮኑ፡ ትማሊ ትማሊ ምስ ወያነ ኮይኖም ንህዝብና ንብረቱ ዘራሰዩ፡ ኣደታትና ዝገሃሱን፡ መነባብሮኦም ክመርሑ ዘይክእሉ፡ ዘይረብሑ ውልቀ ሰባት ተታሊልና ነቲ ቀንዲ ጉዳይና ንውንዝፍ ዘይኮንስ ብባህርያትና ኣብ ጉዳይ ሃገርና ኣብቲ ዘድሊ እዋን ከም ንህቢ ቀትሪ

ብሓባር “ሆሆ” ኢልና እንምክት ስለ ዝኾና፣ ሎሚ ዉን ከም ቀደምና ከምቲ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራዊያ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ክንፍጽም ድልዋት ምኳና፣ ስለ ሃገር ካባና ዝድለ ኩሉ ነገር ክንገብር ድልዋት ምኳና ነረጋግጸልኩም። በዚ ኣጋጣሚ ነዞም ጸረ ሃገርን ሃሶሳትን ኣባላት ጉጅለ ባሃልቲ ከነቃልዖም ኢና ።

ተቀማጠ ኤርትራውያን ኣብ ካርቱምን ከባቢኣን

**ዓወት ንሓፋሽ!!**